# <u>ታሪኽ ሕይወት ብፁዕ ወቅዱስ</u>

## <u>ኣቡነ እንጦንዮስ ቀዳማዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወፓትርያርክ ዘሃገረ ኤርትራ።</u>



ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካብ ኣቦኦም ቀሺ ገብረመድኅን ደብረጽዮን፡ ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ ኢለን ቀለታ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ሕምብርቲ (5 ሓምለ, 1919 ዓ.ም.ግ) (1927 ዓ.ም.ፈ) ተወልዱ። ወዲ 5 ዓመት ምስ ኮኑ ንገዳም ደብረ ጽጌ ኣቡነ እንድርያስ ተወፍዮም።

ኣብ ገዳም ካብ ፊደል ክሳብ ግብረ ዲቁና ተማሂሮም ኣብ 12 ዓመቶም መዓርግ ዲቁና ብብፁዕ ኣቡነ ማርቆስ ተሸሙ። ብርድእናን ዝተፈላለየ ናይ ገዳም ኣገልግሎት ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ ዘድሊ ናይ ግብረ ክህነት ትምህርቲ ምስ ተማሃሩ ኣብ 1942 ዓ.ም.ግ (1950) መዓርግ ምንኩስና ለቢሶም፡ ኣባ የማነ ብርሃን መነኮስ ደብረ ጽጌ ኣቡነ እንድርያስ ሰፍኣ ኮኑ። ኣብዚ ዓመት እዚ ድማ መዓርገ ክህነት ተቐብሉ።

ክሳብ 1955 ብዝተፈላለየ ናይ ገዳም ኣገልግሎትን ሓላፍነት ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 1955 ብማኅበር ገዳም፡ ንኣበምኔት ተመሪጾም፡ “መምህር የማነ ብርሃን” ተባሂሎም ኣበምኔት ገዳም ደብረ ጽጌ ኣቡነ እንድርያስ ሰፍኣ ኮኑ።

ኣብ ዘመኖም ኣበምኔት ኮይኖም ገዳም ኣብ ዝመርሑሉ ዘመናት፡ መነባበርን መጠወርን ገዳማውያን መነኮሳት፡ ብሕማም ደዌ ዝሰቓዩ ሕሙማት፡ ርድእና ባሕተውቲ፡ ብሓፈሻኡ ኣብ ዕቤትን ምርዳእን እቲ ገዳም ዝለዓለ ኣብ ዘመኖም ተሰሪሑ ክበሃል ይከኣል።

ኣገልግሎቶም፡ መንፈሳውነቶም፡ ብምርኣይ፡ ብመላእ ሕዝቢ ኣማኒ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ንጳጳሳት ካብ ዝተመርጹ 5 ኣቦታት መነኮሳት ሓደ ኮይኖም ብምምራጽ፡ ሰነ 121986 ዓ.ም. ግ (19-06-1994) ብብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ 5ይ ርእሶም መዓርግ ጵጵስና ተቐብሉ።

ድሕሪ ጵጵስና ምሻሞም፡ ናይ ዞባ ማእከል ጳጳስ ኮይኖም ብዝሰርሕዎ ስራሕ፡ ሓምለ 21 1990 ዓ.ም.ግ (1998) ናይ ሊቀ ጳጳስ መዓርግ ተዋሀቦም።

ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ድሕሪ ዕረፍቲ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ፡ ብዓቃቤ መንበርነት ክሰርሑ መዲብዎም ድሕሪ ምጽናሕ፡ የካቲት 23, 1996 ዓ.ም.ግ (የካትት 03 2004 ዓ.ም.ፈ.) ኣበ ምኔታት ገዳማተ ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ቤተ ክህነት፡ ምእመናንን ተኣኪቦም ንምርጫ ካብ ዝቐረቡ ጳጳሳት ብዝለዓለ ድምጺ ንብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ክኾኑ መረጽዎም።

በዚ መሠረት ሚያዝያ 17 1996 (ሚያዝያ 25 2004 ዓ.ም.ፈ.) ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ፡ ምስ ሰዓብቶም ሊቃነ ጳጳሳት፡ ሰበ ሥልጣን መንግስቲ፡ መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት፡ ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስት ማርያም፡ ፓትርያርክ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኮይኖም ክሰርሑ፡ ኣብ ሕዝቦም ብሕዝቦም ይደልዎ (ይግብኦ) ተባሂሎም፡ ብጳጳሳትን ሊቃነ ጳጳሳትን ኤርትራ፡ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ ኣብ ዝተረኽቡሉ ስርዓተ ተቐብኦ ተፈጸመ።

በዚ ኣጋጣሚ መጽሔት ተዋህዶ፡ ንቅዱስ ኣቦና፡ ጥዕናን ሰላምን፡ ንሕዝብና ራህዋን ሓጎስን፡ ክኾነልና፡ ዘዕርግዎ ዕጣንን ጸሎትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክበጽሓልና ሠናይ ትምኒታ ትገልጽ።